ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

መእተዊ
፡ -

ኤርትራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኩርናዕ ናይ'ቲ እስተራቲጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ
ዘለዋ ናጻ ልኡላዊት ሃገር'ያ። ስፍሓት መሬታ 123.320 ትርብዒት ኪሎሜተር ክኸውን እንክሉ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ኪሎ ሜትር ገማግም ባሕርን፡ ብርከት ዝበሉ ደሴታትን ወደባትን እትውንን፤ ብሄራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ብዙሕነታዊ ኣካዋና ሕብረተ ሰብ ዝሓቆፈት ሃገር'ያ። ማ ባብሮ መብዛሕትኡ ህዝባ ኣብ ማሕረስን ጣዕስን ሃብቲ ባሕርን እዩ፡ ውሑዳት ድማ ኣብ ንግዳዊ ዕዮ፡ ኣግልግሎት፡ እንዱስቱሪን ሲቪላዊ ስርሓትን ዝተዋፈረ'ዩ።

እዚ እስትራቲጂካዊ ኣቀማምጣኣ ዝዓደላ ፖለቲካዊ፣ ንግዳዊ፣ ወታሃደራውን ኣገዳስነት ካብ መጀመርታ ማእከል ዓሰርተ ሸድሸተ ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ናይ ዝተፈላለዩ ልዕለ ሓያላን ዘባዊ ጎብለላትን ቆላሕታ ክትስሕብ ዝኻኣለት፤ ከምኡ'ውን ሃገራት ኣፍሪካ፤ ኣውሮፓውያን ገዛእቲ ሃገራት ንኣፍሪካ ከምስጋ ጉዚ ክማቐርሑ ከለው ኤርትራ ብጺሒት ጣልያን ኮይና፡ ነዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ጅኦ-ግራፊካዊ ኣካልላ ሒዛ ከም ሃገር ኮይና ቆይማ ፡ ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም ምዝዛም መግዛእቲ ጣልያን ብሓይሊ እንግሊዝ ስለ ዝተሰዕረ ንውሕድ ዓሙታት ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ድሕሪ ምጽናሕ ንረብሓ ሓያላን ሃገራት ኣሜሪካን መሻርኽታን ክባሃል ካብ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ወጻኢ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክትቁርን ዝተገበረ። ኣብ'ዘም ዝሓልፉ መግዛእታዊ መዋእላት'ዚኣቶም ህዝቢ ኤርትራ በብመድረኹ ዘካይዱ ዝነበረ ኩሉ ሜላክዕ ቃልሲ፡ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሃገራዊ መንነትን በብደረጃኡ ክምዕብልን፡ ፖለቲካዊ ስልፍታት ከምስረታን ክስፍሕን ዝኸነ። ካብ'ዚ ማጽን'ዚ ከኣ እዩ፡ ሃገራዊ ብረታዊ ተጋድሎ ሓሳብ ክቦቀልን ኣብ ባሕቲ ማስከረም 1961 ብረታዊ ቃልሲ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክጅምርን ዝኾነ፤ ብወሳኒ ሜላክዑ ድማ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብምድምሳስ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ግንቦት 1991 ክረጋገጽ ዝኾነ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዋእል ጸረ መግዛእቲ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ከካይድ እንከሉ፡ ኣብ ኩለንትናኡ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ክብረ፣ ፍትሒ፣ ግስጋሰን ብልጽግናን ምርግጋጽ ይብህግ ስለ ዝነበረ'ዩ። ምእንትኡ ድማ ሰፍ ዘይብል ማስዋእቲ ዝክፍለ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ደርጊ ደምሲሱ፤ ሃገራዊ ናጽነት ብምርግጋጽ ድማ ወሳኒ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ሃገራዊ ናጽነት ብምርግጋጽ ዝተመዝገበ ዓወት'ዚ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊት ሃገር ብምህናጽ፣ ሰላምን፡ ሃገራዊ ልምዓትን ልዕልና ሕግን ንምስፋን፡ ናብ ድርኩኺ ሓድሽ ፖለቲካዊ መድረኽ ኣእትይዎ ኔሩ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጸረ መግዛእታዊ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ዘደልደሎ ሃገራዊ ሓድነት ብምምርካስ፡ ሰላም፣ ፍትሒ፣ ሓርነት፣ ደሞክራሲ፣ ኩሉ መዳያዊ ልምዓትን ከረጋግጽን ምዕብልቲ ሃገር ክሃንጽን ብርግጽ ድልው ኔሩ'ዩ። ይኹን ዳኣ'ምበር፡ ካብ'ቲ ረዚን ማስዋእቲ ዝተኸፍሎ ገድላዊ ጉዕዞ ብምልጋስ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ማሰላት ዝግህስ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክውፅድ ትጽቢት ህዝብና ኣይነበረን። ናይ ሃገራዊ ናጽነት ቃልሲ ውጺኢትን፡ ናይ ህዝብና ተስፋታትን ድልይትን ክጋጨን ክራጸመን ኮይኑ'ዩ።

መኸሰባት ሃገራዊ ቃልሲ ዝገበተን፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝበሓተን ጸረ ደሞክራስን ሰላምን፤ ጸረ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ሀዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ናይ ካልኦት ኤርትራዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሃገራውን ደሞክራስያውን እጃሞም ዝኽሕድ ኣግሊሊ ፖሊሲ

ብምንጋስ፡ ምልኪ ሓደ ሰብ ዘስርጽ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኺሉ።

እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ሃገራዊ ናጽነት ኣትሒዙ ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ኣሃዳዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ዝተማልአ ኣግላሊ መርሓ እዩ ክኸተል ጸኒሑን ዘሎን። ከምዉጽኢቱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣዕኑድ ሃገራዊ ሓድነት ገዚፍ ስንብራት ክገድፍን፡ ንጠማሪ ሃገራዊ መንነት ከዳኽምን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ካኣ ንሰረት ሃገራዊ ሽርክነትን ሓባራዊ ሰላማዊ ማ ባብሮን ማሕበራዊ ሰላምን ህዝቢ ኤርትራ ዝህድድ'ዩ። ብስንኪ'ዚ ቀጻሊ ውሽጣውን ደገኣውን ኣዕናዊ ፖሊሲታት ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝብናን ሃገርናን፡ ንሓደጋታት ምንቅልቋልን ምብትታንን ክሳጣሕ ኮይኑ ኣሎ።

ኤርትራ ብድሕሪ ናጽነታ፡ ኣብ ብኩራት ቅዋማዊ ትካላትን ግዝኣተ ሕግን ኩነታት ስለዘወደቐት፡ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ሸውዓተን ዓመታት ኣንጻላልይዋ ዘሎ ሓደጋ ዕንወት ከቢድ'ዩ። ኣብ ዓውዲ ኤርትራዊ ፖለቲካ ጎሊሆም ካብ ዝራኣዩ ዘለዉ ኣቕንዘውቲ ሓቅታት፡ ምድኻም ሃገራዊ ሓድነት፣ ጨከን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰል፣ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ኣብ ክንዲ ምህናጽ ሃገር ዝውዕል ካብ ዓቕን ንላዕሊ ዝዘፈጠጠ ወተሃደራዊ ሓይልን ንገባቲ ስርዓቱ ዘገልግል ትካላት ዓፊናን ጨቆናን ብምህናጽ ምብኻን፣ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ህውከት ምፍጣርን ዘባዊ ሰላምን ምርግጋእን ምንዋጽ፣ ዘይፍትሓዊ ኩናት ምውላዕ፣ ካብኡ ዝተፈልየ ርእይቶ ንዘለዎ ዜጋ መሰል ውሕስነት ሂወት ምጥሓስ፣ ህዝቢ ኤርትራ ሜሬቱ ራሕሪሑ ንስደት ሃጽ ምባል፣ ስነ ምግባራዊ ብልሽውና እናኣተባበዓ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ውርሻታት ምርኻስ፣ ንመንእሰያት ብምሕሳር ኣብ ዕዮ ባርነት ምስግዳድ፣ ንግዲ ሰብ ዝሓቑፍ ምቹእ ሃዋሁ ምፍጣርን'ዮም። እዚ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ባህሪያት ንምልላይ እኹል ህያው ኣብነት'ዩ።

ህዝብና ፖለቲካውን ሲቪላዊ ሓርነታትን ክብሪታትን ስለዝብህግ፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ክቃለስ ጸኒሑ እዩ። በዚ መሰረት፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ሒዞም ዝቃለሱ ብዙሓት ኤርትራዊ ሃገራዊ ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ሓይልታት፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ምብትታን ንምድሓንን፡ ኣብ ክሊ ብዘሕነት ሃገራዊ ሓድነት ንምዕቃብን፡ ሃገራዊ ሽርክነት ንምርግጋጽ፤ መሳርያምን ገድላዊ መሳርሒታቶምን ኣብ ጠርናፊ ስሚር ሃገራዊ ግንባር ንምስላፍ፡ ፖለቲካውን ሰቪካውን ሓይልታት ዝሓቖፍ ሰፊሕ ስሚር ሃገራዊ ግንባር ንምምስራት ኣብ ከተማ ሃዋሳ ኢትዮጵያ ብ2011 ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣካይዶም።

ምስረታ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓቛፊ ስሚር ሃገራዊ ግንባር፡ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር እትሓቑፍ ሃገር ንምህናጽ ድልየት ንዘይብሉ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምውዳቕ ዘቃላጥፍን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምርግጋጽ ናብ ሰልፋዊ ብዘሕነት ዝትክእ ደሞክራስያዊ ስርዓት ብምህናጽ ማሰረታዊ ሽግራት ህዝብና ንምፍታሕን ባህግታቱ ንምርግጋጽን ጥጡሕ ባይታ ዝምድምድ'ዩ።

ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝባዊ ደገፍ ክስኣንን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ኣንጻሩ ዘቕነዕ ኣህጉራዊን ዓለማውን ውሳኔታት ከማሓላልፋ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብዚ ዝድሓሩ ዓመታት ኣባ ዘባና ዝተኸሰቱ ግርጭታት እናዳመዘማዘ ክሳብ ልኡላዊ ሜሬት ኤርትራ ኣሕሊፉ እነ ዳሃበን እንዳኣካረየን ካብ ዘጋጠሞ ወጥሪ ክወጽእ ክፍትን ጸኒሑ እዩ፡፡ እዚ ከምዚ እንዳሃለወ ምስ ኢትዮጵያ ዘጸነሐ ናይ ዶብ ግጭት ብውሽጥን ብደገን ብዘተቐናባበረ ሰላማዊ ፍታሕ ክረከብ ብምኽኣሉ፡ ግዝያዊ ሩፍታ ፈጢርሉ ኣሎ፡፡ ይኹን እንብር እዚ ግዝያዊ ሩፈታ ኢዚ ምስ ጸረ ህዚቢ ባህርያቱ ነዊሕ ራሒቂ ከኺዶ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ ሰለዘኾነ ድማሕጂውን ነዚ ኣጋጢሙዘሎ ወድዕንት'ዚ ናብ ረብሓ ደሞክራሲያዊ ቃልሰና ክንልውጦ ብውሽጢን ሕብረተሰብናን ብደገ ንኣህጉራዊ ማሓበረሰብ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልስና ጠጠውክብል ብጽንዓት ምቅላስ የድሊ፡፡

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ እዚ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ጉያዝ ምዕዛዝ ሓድነት መሳርዕ ተቓውሞ ሓይልታት፡ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከምምኳኑ መጠን፡ ምእንቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምርጋግጽ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ባይታ ምንጻፍን፡ ተቓውሞ ሓይልታት ብመሰረት ዝተሓተ መደብ ዕዮ ገድላዊ ዓቕምታቶም ንምጽማድን ጸረ ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ንምቕናዕን ዝጋባእ ዘሎ'ዩ። ደሞክራስያዊትን ሓራን ኤርትራ ንምህናጽ፡ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ጎደና ተጋድሎ ከም ሓባሪ ሞርሓ ዝኽተልዎ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ፖለቲካዊ ቻርተር ተሰማምዖም ኣሎዉ።

## ***ቀዳማይ ምዕራፍ፡-ሓፈሻዊ መትከላት***

1. ኣብ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝሰረጸን ዝዓዘዘን ሃገራዊ ልዑላውነትን፡ ሓድነት ህዝብን ሜሬትን ኤርትራ ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝተኣምነሉ ዶባታን ምዕቃብ፡፡
2. ኣብ መትከላት ደሞክራሲ፣ ሰላምን፡ ሰብኣዊ መሰላትን ምርኩስ ዝገበረ፣ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ

ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ፣ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ምእማን።

3. ዜግነት ማሰረት ማሰላትን ግቡኣትን'ዩ፡ ፡ ዜጋታት ኣብ ቅድሚሕጊ ማዕረ'ዮም።

4. ብሄራውን፡ ሃይማኖታውን፡ ባህላውን ብዘሕነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን፡ ፡ ኣስገዳዳዊ ብሄራዊ ምጽንባር ምምካት። ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተር ናይ ዝተጠቕሱ ትሕዝቶ ማሰረታዊ ማሰላት ኣብ ባይታ ብግብሪ ንምትግባር ድማ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ምኽባር።

5. ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተራት ዝተጠቕሱ ኩሎም ሰብኣዊ ማሰላት ምእማን። እዚ ኸኣ ከም ሓርነታት እምነት፣ ኣምልኾት፣ ራእይ፣ ሓሳብካ ምግላጽ፣ ምውዳብ፣ ምንቅስቓስን፡ ዋንነትን፡ ካልእ ኩሉ ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታት ምርግጋጽ። ነዞም መሰላት እዚኣቶም ድማ ኣብ ቅዋም ኤርትራ ክሰፍሩ ምግባር።

6. ብሄር፣ ሃይማኖትን፡ ባህልን፡ ማሰረት መንነት ህዝቢ ኤርትራ'ዮም። ነዞም መሰላት'ዚ ኣቶም ምውሓስ።

7. ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ፡ ብቑዕ ኩይኑ ዝተራኣዮም ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ክውንኑን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕጋብ ክንቀሳቐሱን፡ ቅዋማዊ ውሕስነት ይህልዎም።

8. ህዝቢ ብደሞክራስያውን ፖለቲካውን ቅዋማውን ማስርሕ ምንጪ ስልጣን ምዃኑ ምእማን።

9. ቋንቋታት ኤርትራ ኩላተን ሃገራውያንን ማዕረን እየን። ካብኣተን ድማ ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ እየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታተን ከማዕብላን ክጥቀማን ማሰልን ምርግጋጽ፡ ፡

10. ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዘሕነት ዝተማስረተ፡ ንዝኾነ ዘየግልል ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምቅላስን ምምእዛዝን።

11. ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን ምእማን። ብሓይሊ ስልጣን ንዝሕዝ ምንጻግ። ሰለስቲኡ ስልጣናት ሓጋግን፡ ፈጻምን ፈራድን ምፍላይ። ናጽነት ቤት ፍርዲ ምርግጋጽ።

12. ቅዋምዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ ምሕደራ ምትካል።

13. ብሄራውን ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ምንቋትን ትምክሕትን ጽበትን ምምካት።

14. ጸረ ኩሉ ዓይነትን ሜላከዓትን፡ ጥርፉነትን ሽበራን ዓሙጽን ምቅላስ።

15. ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ዝተመንዘዕ መሬትን ንብረትን፡ ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ዋናታቱ ምምላስ፡ ፡

16. ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተራት ዝተጠቕሱ ኩሉ ፖሎቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ማሰላት ደቂ ኣንስትዮ ምእማን።

17. ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዝስረቱ ምዕሩይ ዝምድናታት ዝኣምን፣ ልዑላውነት ሃገራት ዘኽብር፣ ዞባውን ዓለማውን ሰላም ዘረጋግጽን፡ ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዑላትን ዝምእዘዘን፡ ሞርሓ ፖሊሲታት ወጻኢ ምኽታል።

## ካልኣይ ምዕራፍ፡-
## ዕላማታት

1. ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምልዋጥን፡ ኩሉ ዓይነት ሜላከዓት ጨቆና ምእላይ።

2. ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ፡ ሰሊም፣ ደሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን ምርግጋጽ።

3. ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታት ምእማን። ስልጣን ንምሓዝ፡ ደሞክራስያውን ሰላማውን ምቅብባል ስልጣን ምርግጋጽ።

4. ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ምትእምማን ንምህናጽ፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምሕላውን ምዕዛዝን። ባህሊ ሰላማዊ ሓባራዊ መነባብሮን፡ ክብርታት ደሞክራስን ሓርነታትን ምስራጽ።

5. ዝተፈላለዩ ብሄራትን ሃይማኖታትን ባህልታትን ተኸባቢሮም ብሓባር ንምንባር፡ ሃይማኖታዊ ክብርታትን፡ ሃናጺ ባህላዊ ውርሻታትን ምኽባር።

## ሳልሳይ ምዕራፍ፡
## ኣገባባ ቃልሲ

1. ጸረ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝካየድ ቃልሲ ንምብራኽ፡ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ምኽታል።
2. ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ምቕላዕ።
3. ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ሓይልታት ዝኽሰቱ ፍልልያትን ግርጭታትን ንምፍታሕ፡ ሞሮሓ ዘተ ምኽታል።
4. ደሞክራስያውን ርትዓውን ቃልሲ ህዝብና ደገፍ ንምርካብን፡ ኣህጉራውን ዞባውን ሰላም ንምስፋንን፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራትን ሃገራት ዓለምን ሕውነታዊ ዝምድና ምህናጽ።

## ራብዓይ ምዕራፍ፡-

### ማሰጋገሪ መድረኽ ማሰጋገሪ መድረኽ፡-

ማሰጋገሪ መድረኽ ካብ ምውዳቕ፡ ወይ ምልዋጥ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ጀሚሩ ብደሞክራያውን ፖለቲካውን ቅዋማውን ማእርሕ ዝተሞረጸ መንግስቲ ክሳብ ዝምስረት ዘሎ ፖለቲካዊ መድረኽ'ዩ።

1. **ጊዝያዊ ስልጣን፡-**

ኣብ ጽባሕ ውድቀት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዝኽሰት ባዶነት ንምሽፋን፡ ንስርዓት ህግደፍ ዘውደቖ ሓይሊ ዘቖሞጊዝያዊ ስልጣን'ዩ። ዕድሚኡ ካብ ሓደ ዓመት ዘይበዝሕ ይኸውን።

2. **ዕማማት ጊዜያዊ ስልጣን፥**

ሀ/ ኣብ መላእ ሃገር ሰላምን

ምርግጋእን ምስፋን።

ለ/ እሱራት ልፖለቲካን ሕለናን

ምፍታሕ።

ሐ/ ሓርነታት ዝቕይድ ሕግታት ምስራዝ።

መ/ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ካልኦት ዝምልከቶም ወገናትን ዝሳተፉሉ ሃገራዊ ዋዕላ ብምድላው ማሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት የቖውም፡ ፡

ሰ/ ገንዘብን ንብረትን ህግደፍ ብምቁጽጻር፡ ውሳኔ ክውሰነሉ ናብ ማሰጋገሪ ባይቶ (ማሰጋገሪ ፓርላማ) ምቕራብ።

ረ/ ስበ ስልጣናት ህግደፍን ናይ ጨቆን ማሓውራቱን ተሓባበርቶምን፡ ኣህጉራዊ መዕቀኒታት ማሰረት ብምግባር ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ፍትሒ ብምቕራብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታው።

3. **ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ፥**

ኩሎም ወከልቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት፥ ሕብረተ ሰብኣዊ ክፍልታት፣ መራሕቲ ሃይማኖታትን፥ መሁራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ሃገራዊ መድረኽ እዩ።

4. **ዕማም ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ፥**

ሀ/ ቅዋም ማሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ

ሓድነት የጽድቕ፥ ሆ/ መድረኻዊ ማሰጋገሪ

ባይቶ (ፓርላማ) ይመርጽ።

5. **ማሕጋገሪ ባይቶ፡-**

ኣብ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ካብ ዝሳተፉ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ዝቖውም ሓጋጊ ባይቶ'ዩ ።

6. **ዕማም ማሕጋገሪ ባይቶ፡-**

ሀ/ ካብ ሞንጎ ኣባላቱ፡ ማሕጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነ ት የቕውም።

ለ/ ኣብ ሰፊሕ ዋዕላ ዝጸደቐ ማሕጋገሪ ቅዋም ማሰረት ብምግባር፥ ማሕጋገሪ መንግስቲ ንሃገር ዝመርሓሉ ሓፈሻዊ መምርሒታትን ፖሊሲታትን ይሕንጽጽ።

ሐ/ ኣካይዳ ማሕጋገሪ መንግስቲ ይከታተል

ይቆጻጸርን። **ማሕጋገሪ መንግስቲ**

**ሃገራዊ ሓድነ ት፥**
ኣብ ማሕጋገሪ ሜድረኽ ብማሰረት ማሕጋገሪ ቅዋምን፡ ፖሊሲታትን መምርሒታትን ማሕጋገሪ ባይቶ ጉዳያት ሃገር ዘማሓድር ፈጻሚ
ስልጣን'ዩ ።

7. **ዕማም ማሕጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነ ት፡-**

ሀ/ ጉዳያት ሃገር የማሓድርን፡ ፍትሒ፥ ቁጠባውን ማሕረታዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ይሰርሕ።

ለ/ ማሓውራት ቅንጸላ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምፍራስ፥ ናይ ሃገር ሰላምን ምርግጋእን ዘረጋግጽ ማሓውራት ይውድብን ይመርሕን።

ሐ/ ስደተኛታት ናብ ከከባብኦም ምምላስን ምጥያስን መደባት ይስርዕን

ኣፈጻጽምኡ ይከታተልን። መ/ ኮሚሽን ቆጸራ ህዝቢ የቕውም።

ሰ/ ሃገራዊ ልዐላውነ ትን ዶባትን ንምሕላውን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕቃብን፡ ሓይልታት ሃገራዊ ምክልኻል ዳግም
ይውድብ።

ረ/ ኮሚሽን ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት የቕውምን፥ ንጥፈታታ

ድማይከታተልን።

ሸ/ ኮምሽን ሃገራዊ ቅዋም የቐውምን፡

ንጥፈታታ ድማይከታተልን።

ቀ/ ናጻ ኮምሽን ሃገራዊ ምርጫየ ቕውም። ንንጥፈታቱ ድማይካታተል። ንምዕዋቱ ካኣ

ኣድላይ ደገፍ የቕርብ። ቀ/ ብድሕሪ ምእዋጅ ውጽኢት ሃገራዊ ምርጫ ስልጣኑ ነቲ

ዝተመረጸ ሓድሽ መንግስቲ የረክብ።

## 8. **ዕድመማሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነ ት**□

ዕድመማሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነ ት ክልተ ዓመት ይኸውን።

### <u>ምዕራፍ ሓሙሽተ፦ ሓፈሻዊ ጉዳያት</u>

ሀ/ ነዚ ቻርተር'ዚ፡ ብዘይካ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከሙሓይሽ ስልጣን ዘለዎ ኣካል የሎን።

ለ/ እዚ ፖለቲካዊ ቻርተር'ዚ ካብ ዘጸደቐሉ ታሕሳስ 2018 ተግባራዊ ይኸውን።

**ቲምፈጻሚት ኣሰናዳኢት ሽማግለ**

**መስከረም 2018**